# ኣፅናዅ ሕብሪ ሰማይ

ካብ ሰሜን ንደቡብ  ዛዊነ ኮሊለ፣
ካብ ምብራቕ ንምዕራብ  ኣለሻ ውዒለ፣
ሕፍቲ ስኢነሎም  ኩሎም ደቂ ሓንቲ፣
ፅባቐኦም ኮይኑ  ዝንቕ መፋጥርቲ፡፡

ኣብ እዋን ወጋሕታ  ዶግሒ ፀሓይ በርቂ፣
ኣብ ዘበን ሳልሳይ ሽሕ  ዘበን ስኒት ዕርቂ፣
ሓድነቶም ፍቕሪ  መሰል ጠሚሩዎ፣
ማዕርነቶም ቃልሲ  ሕጊ ከምቢትዎ፣
ድልድል ጎይሎም  ብዜማ ቋንቋኦም፣
መይድኦም ገፊሑ  ተገሊፁ ባህሎም፡፡

ዝንቕ ተቐሚጦም  ወንበር ወኪል ህዝቢ፣
ውሕስነት ረኺቦም  ንኪዳኖም ዓስቢ፡፡

ኣፅናዅ ሕብሪ ሰማይ  ደቂ ሓንቲ ከርሲ፣
ዳሶም ኮሊዑዎ  ቀንዲል ዴሞክራሲ፡፡

ፅጌረዳ ሳሎን  ገይዒ ሽልማቶም፣
መቐረት ነፃነት  ታሪኽ መዋእሎም፡፣

መበቆል ዘርኢ ሰብ  ምስክሮም ሉሲ፣
ጥንታዊ ሓድግታት  ዝወነኑ ቅርሲ፣
ጓጓ እንግድዐኦም  ግርማ ተኸዲኑ፣
ሩባታት ቃላዮም  ዋሕዚ ኣሰሲኑ፣
ኣዕዋፍ ኣራዊቶም ሙሉኣት ንዓይኒ፣
ጎደሎ ዘይብሎም ሚዛን መዐቀኒ፣
መልክዕ ሽልማቶም ዝንቕ መፋጥርቲ፣
ኣፅናዅ ሕብሪ ሰማይ ማንታ ደቂ ሓንቲ፡፡

ድኸነት ክሰዓር ምልኣት እቶ እቶ፣
ጥዕና ክጋፋሕ ትምህርቲ ክብሕቶ፣
መረበኦም ፅጋብ ምዓል ልምዓት ሰርቡ፣
ድግስ ማዕርነቶም ፍርያት ዘኒቡ፡፡

ጭራ ጅግንነቶም ዓለም ዝመስከሮ፣
መዛግብቲ ዩኔስኮ ንቅርሶም ዘስፈሮ፣
ዓሌቶም ዝምዘዝ ካብ ኦሞ ኖላውያን፣
ሕፍቲ ስኢነሎም ደቂ ኩሽ ሴማውያን፣
ኣፅናኝቅ ሕብሪ ሰማይ ለከስ ኢትዮጵያውያን፡፡

ኣብርሃ ታደሰ
26 ሕዳር 2000 ዓ.ም